# ኮቪድ-19:- ብተደጋጋሚ ዚሕተት ሕቶታት

HEARTLAND HEALTH CENTERS
HEALTHCARE FROM THE HEART

## 1 . እቲ ኽታበት፡ ኮቪድ-19 ኽም ዚሕዘኒ ይገብር ድዩ፧

ኣይፋሉን። እቲ ኽታበት፡ ህያዋን ቫይረስ ዝሓዘ ኣይኰነን። ክታበት ኮቪድ-19 እንተ ወሲድካ፡ ንስኻ በቲ ሕማም ኣይትልከፍን ኢኻ፣ ንኻልኦት ሰባት ድማ ኮቪድ-19 ኣይተሕልፈሎምን ኢኻ። እቲ ኽታበት ንሰብነትካ ፕሮቲን ኸዳሉ ይነግሮ፣ እዚ ፕሮቲን እዚ ኸኣ ንሰብነትካ ነቲ ቫይረስ ብኸመይ ክቃለሶ ኸም ዘለዎ ይምህሮ።

## 2 ኣቐዲሙ ኮቪድ-19 ሒዙኒ እንተ ነይሩ፡ ክታበት ክወስድ የድልየኒ ድዩ፧

እወ። ዋላ እውን ኮቪድ-19 ሒዙካ እንተ ነበረ፡ መሊሱ ኺሕዘካ ይኽእል እዩ። ተመራመርቲ ስነ ፍልጠት፡ ኣቐዲሙ ኮቪድ-19 ሒዙካ ስለ ዝነበረ ንዘለኣለም ኣይሕዘካን እዩ ማለት እንተ ኾይኑ ኣይፈልጡን እዮም። ነቲ ኽታበት ምውሳድካ ግና፡ መሊሱ ኮቪድ-19 ኺሕዘካ ንዘለዎ ተኽእሎ ይንክዮ እዩ።

## 3 ኣብቲ ክታበት ዉሽጢ እንታይ ኣሎ

Moderna ከምኡ ውን Pfizer ዝበሃሉ ክታበታት ዝኾነ mRNA ዝበሃል ነገር ኣለዎም, እዚ ኸኣ ንኣካላትካ ምስ COVID-19 ቫይረስ ብኸመይ ከም ዝቃለስ ንክመሃር ይሕግዞ። mRNA እቲ ቫይረስ ኣይኰነን ንናትካ DNA እውን ኣይቅይሮን እዩ። እቲ Johnson ዝበሃል ክታበትንኣካላትካ ምስ COVID-19 ብኸመይ ከም ዝቃለስ ምእንቲ ክመሃር ካልእ ጐዳኢ ዘይኰነ ቫይረስ እዩ ዚጥቀም። ኣብቲ ክታበት ንዓኻ ዝከታተለካ ቺፕ (chip) ወይ ካልእ ነገር የብሉን።

## 4 ነቲ ኽታበት እንተ ወሲደ፡ ኮቪድ-19 ፈጺሙ ኣይሕዘንን እዩ ማለት ድዩ፧

ኣይፋልን። እቲ ኣብዚ እዋን እዚ ዘሎና ኽታበት፡ ኣዝዩ ውጽኢታዊ እዩ፣ ኰይኑ ግና፡ ድሕሪ እቲ ኽታበት ምውሳድካ እውን እንተ ኾነ ብኮቪድ-19 ኽትተሓዝ ንእሽቶ ተኽእሎ ኣሎ። እዚ ኸኣ ምስቲ ኻልእ ኸም ክታበት ጉንፋዕ ዝኣመሰለ ኽታበታት ዚመሳሰል እዩ። ዋላ እውን ነቲ ኽታበት እንተ ወሰድካ፡ ብቐጻሊ መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን ምግባርካ፡ ማሕበራዊ ርሕቀት ምሕላውካ፡ ከምኡውን ኣእዳውካ ምሕጻብካ ንኸይትሓምም ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

## 5 ክታበት ኮቪድ-19 እንታይ እዩ ዚገብር፧

ክታበት ኮቪድ-19 ኣብ ውሽጡ ቫይረስ ዝሓዘ ኣይኰነን፣ ኣብ ክንዳኡስ፡ ንሰብነትካ ፕሮቲን ኸዳሉ ይነግሮ፣ እዚ ፕሮቲን እዚ ኸኣ ንሰብነትካ ንቫይረስ ኮቪድ-19 ብኸመይ ክቃለሶ ኸም ዘለዎ ይምህሮ። ሽዑ ሰብነትካ ነቲ ቫይረስ ብኸመይ ከም ዚቃለሶ ምስ ፈለጠ፡ ነቲ ሕማም ናይ ምክልኻል ዓቕምኻ ይሃንጾ። በዚ ኸምዚ፡ ነቲ ቫይረስ እንተ ተቓሊዕካ፡ ሰብነትካ ነቲ ቫይረስ ብኸመይ ከም ዚቃለሶ ስለ ዚፈልጥ ኣይትሓምምን ኢኻ።

## 6 እቲ ኽታበት ብቕልጡፍ እኳ እንተ ተሰርሐ፡ ክንኣምኖ ንኽእል ዲና፧

እወ። ነቲ ሓድሽ ዓይነት ክታበት ንምስራሕ፡ ብዙሕን ግዜን ገንዘብን ስነ ፍልጠታዊ ምርምርን ኣብ ጥቕሚ ውዒሉ እዩ። ብዘይካዚ፡ እቲ ኽታበት ናብ ህዝቢ ቕድሚ ምውጽኡ፡ ኣብ ብዙሓት ተባዓት ወለንተኛታት ሰባት ተፈቲኑ እዩ። እዚ ኸኣ ልሙድ እዩ። ከም ክታበት ጉንፋዕ ዝኣመሰለ ኻልእ ብዙሕ መድሃኒታት እውን፡ ብቕልጡፍ ይስራሕ እዩ፣ ክሳዕ ሎሚ ኸኣ ውጽኢታዊ እዩ።

## 7 ጎድናዊ ሳዕቤናት ኣለዉዎ'ዶ?

ዝተወሰኑ ሰባት ጎድናዊ ሳዕቤናት ከኸትለሎም ይኽእል, እዚ ኸኣ ኣብ ኩሉ ክታበታት ልሙድ እዩ። ጎድናዊ ሳዕቤናት መብዛሕትኡ ግዜ ኣካላትካ ካብ ሕማም ናጻ ይኸውን ከም ዘሎ ዝሕብሩ ምልክታት ኢዮም። ገለ ካብቲ ጎድናዊ ሳዕቤናት ኣብቲ መርፍእ ዚውግኣሉ ቦታ ቓንዛ፣ ቀይሕን ሕብጥታ፣ ድኻም፣ ሕማም ርእሲ፣ ቃንዛ ጭዋዳታት፣ ቍሪ፣ መላግቦ ቓንዛ፣ ረስኒ፣ ዕግርግር ምባል ከምኡውን ሕብጠት መትኒ ሊምፍ (lymph nodes. ክጥቀስ ይከኣል። እንተድኣ ክልተ ዓቐን መድሃኒት ክታበት ወሲድካ ድሕሪእቲ ካልኣይ ክታበት ዝገደደ ጎድናዊ ሳዕቤናት ክህልዉ ይኽእል እዮም። ንነዊሕ ጊዜ ዝጸንሑ ሳዕቤናት ኣይፍለጡን እዮም እንተኾነ ግን መብዛሕቲኦም ክታበታት ንነዊሕ ጊዜ ዝጸንሑ ሳዕቤናት የብሎምን።

## 8 ቍጥዐ ኣካላት ወይ ኣለርጂ እንተ ኣልዩካ፡ ክታበት ክትወስድ ትኽእል ዲኻ፧

እወ፣ ኰይኑ ግና፡ ብዛዕባ ቝጥዐ ኣካላት ወይ ኣለርጂ እንተ ተጨኒቕካ ወይ ከኣ ኣብ ዝሓለፈ እዋናት ቍጥዐ ኣካላት ወይ ኣለርጂ ኣጋጢሙካ እንተ ነይሩ፡ ቅድሚ ኽታበት ምውሳድካ ንሓኪምካ ኣማኽሮ። ክታበት ኮቪድ-19 ኣብ ክሊኒካዊ ፈተነ ኸሎ ኸቢድ ቍጥዐ ኣካላት ወይ ኣለርጂ እኳ እንተ ዘይተራእየ፡ ብሓፈሻኡ ኺርአ ኸሎ ግና ሳሕቲ ቝጥዐ ኣካላት ወይ ኣለርጂ ኼጋጥም ይኽእል እዩ። ክታበት ኮቪድ-19 ከም እንቋቝሖ ዝኣመሰለ ዝኾነ ይኹን ውጽኢት እንስሳ የብሉን።

## 9 ናይ ገዛእ ርእሰይ ሕማም ናይ ምክልኻል ዓቕመይ ካብቲ ቫይረስ ክኸላኸለለይ ይኽእል ድዩ፧

ኣይፋልን። ኮቪድ-19 ጠንቂ ኸቢድ ሕማምን ሞትን ብዙሓት ሰባት እዩ። ክታበት እንተ ዘይወሲድካ፡ ብኮቪድ-19 ኽትተሓዝ ዘሎካ ተኽእሎ ኣዝዩ ሰፊሕ እዩ። ኮቪድ-19 እንተ ሒዙካ፡ ነቶም እትፈትዎም ሰብካ እውን ኽተሕልፈሎምን ኣዝዮም ኽሓሙን ይኽእሉ እዮም። ክታበት ኮቪድ-19 ምውሳድ፡ ዝሓሸ ምርጫ እዩ።

## 10 ቈልዑ ነቲ ክታበት ክወስዱ ይኽእሉ ድዮም?

እወ! ደቂ 12ን ልዕሊኡን ዕድመ ዘለዎም መንእሰያት Pfizer ዝበሃል ክታበት ክወስዱ ይኽእሉ እዮም። ነቶም ካብ 12 ንታሕቲ ዝዕድሚኦም ቈልዑ ዝኸውን ክታበት ገና ኣይተረኽበን።

## 11 ሓደ ክታበት ካብቲ ኻልእ ዓይነት ክታበት ይበልጽ ድዩ?

ኣይፋል። ሰለስቲኦም ክታበታት ተመሳሳሊን ውጽኢታውን እዮም። ንዓኻ ተባሂሉ ዝጸነሐካ ዝኾነ ይኹን ክታበት ክትወስዶ ኢዩ ዝግባእ። Pfizer ወይ Moderna ዝበሃሉ እንተ ውሲድካ ኣብ ክልቲኡ ናይ ክታበት ጊዜ ተመሳሳሊ ክታበት ከም ዝወሰድካ ኣረጋግጽ።

## 12 1እዚ ክታበት እዚ ካብቲ ሓድሽ ዓይነት ቫይረስ ክከላኸለለይ ይኽእል ድዩ?

ምናልባት ከምኡ ክኸውን ይኽእል እዩ። ተመራመርቲ ስነ ፍልጠት ሰለስቲኦም ክታበታት ካብቲ ሓድሽ ዓይነት COVID-19 ከም ዝከላኸሉልካ እዮም ዝኣምኑ።

## 13 ክንደይ ዝኣክል ዓቐን መድሃኒት እዩ’ኸ ዘድሊ?

Pfizer ን Moderna ዝበሃሉ ክታበታት ክልተ ጊዜ ሓደ ዓይነት ክታበታት የድልዮም። እቲ ቐዳማይ ክታበት ዝተወሰነ መከላኸሊ ይኾነካ ከምኡ ውን ኣካላትካ ነቲ ቫይረስ ንኸለልዮ ይሕግዞን እዩ፣ ኰይኑ ግና ክሳዕ ንካልኣይ ጊዜ ክታበትእትወስድ ከቢድ ሕማም COVID-19 ከስዕበልካ ይኽእል እዩ። እቲ Johnson ዝበሃል ክታበት ሓደ ዓቐን ጥራይ ኢዩ ዝሓትት።

## 14 ጥንስቲ እንተ ኾይነ ወይ ዘጥቡ እንተ ኾይነ፡ ነቲ ኽታበት ክወስዶ እኽእል ድየ፧

እወ፣ ይኹን ደኣ እምበር፡ ጥንስቲ እንተ ኼንኪ ወይ ተጥብዊ እንተ ኼንኪ፡ ነቲ ኽታበት ቅድሚ ምውሳድኪ ንሓኪም ኣማኽሪ። ንዓኽን ንውሉድክን ዘይጐድእ ቅኑዕ ውሳነ ኽትገብሪ ኽሕግዙኺ ይኽእሉ እዮም።

## 15 እቲ ኽታበት ዋጋኡ ኽንደይ እዩ፧

እትኸፍሎ ገንዘብ የልቦን። ዋላ እውን መድሕን ወይ ኢንሹራንስ እንተ ዘይብልካ፡ ወይ ድማ ዋላ እውን ስደተኛ እንተ ኾንካ፡ እቲ ኽታበት ንኹሉ ሰብ ብናጻ እዩ ዚውሃብ።

## 16 ነቲ ኽታበት ክወስድ ዜገድድ ነገር ኣሎ ድዩ፧

ዘገድደካ የለን። እቲ ኽታበት ኣገዲድካ ዚውሃብ ኣይኰነን። ኰይኑ ግና፡ ነቲ ኽታበት ዝያዳ ሰባት እንተ ወሲዶምዎ፡ ብኮቪድ-19 ዚተሓዙ ሰባት ሒደት እዮም ዚኾኑ።

# እንታይ ክትገብር ትኽእል፧

ብዛዕባ ኽታበት ኮቪድ-19 ከምኡውን ኣበይ ኽታበት ክትረክብ ከም እትኽእል ክትፈልጥ እንተ ደሊኻ፡ ካልእ ሓበሬታ እውን ክትረክብ እንተ ደሊኻ፡ ኣብ www.heartlandhealthcenters.org/coronavirus ርአ ወይ ናብ (773) 751- 7800 ደውል።